# ፕሮግራም ህንፀት ዓቕሚ ምህንድስና ኣብ ክልልና ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይትግብር ኣሎ።

ብምትሕብባር መንግስቲ ጀርመን ብደረጃ ሃገር ዝስራሕ ዘሎ ፕሮግራም ህንፀት ዓቕሚ ምህንድስና ኣብ ክልል ትግራይ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እናተግበረ ይርከብ። ኣብ ክልልና ብመተሓባበራይነት ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ዝካየድ ዘሎ ፕሮግራም ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓትን ህንፀት ዓቕምን ርኡያት ምንቅስቃሳት ይገብር ኣሎ። ንህንፀት ተምሃሮ ክልልና ደጋፊ ዝኾኑ ስራሕቲ ንኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘሳልጡ ፕሮጀክትታት ብምሕንፃፅ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ሓደ ላፕቶፕ ንሓደ ቆልዓ (One lap top per child) ዝብል ፕሮግራም ንምትእትታው ኣብ ትግራይ ካብ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ መቐለ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ማይ ወይኒ እቲ ፕሮጀክት ንኽትጅምር ዝተመርፀት እንትትከውን ዛጊድ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ድማ፣ ነቲ ፓይለት ፕሮጀክት ዘተሓባብሩ ኮሚቲ ስትሪንግ (steering committee) ምጥያሽ ኣባላት እዚ ኮሚቲ፣ ክልል ቢሮ ርምህርቲ፣ ክልል ፕሮግራም ህንፀት ዓቕሚ ምህንድስና፣ ኢንስቲትዩት ቴክኖለጂ መቐለ(MIT)፣ መምርሒ ትምህርቲ ዞባ፣ ቤት ትምህርቲ ማይወይኒ እዮም። ነቲ ፓይለት ፕሮጀክት ዘካይዱ ክልተ መምህራን ተሓርዮም ንስልጠና ተዳልዮም፣ ነዚ ፕሮጀክት ዘተግብሩ ካብ 6ይ ክፍሊ 50 ተምሃሮ ካብ 7ይ ክፊሊ 50 ተምሃሮ ብድማር 100 ተምሃሮ ተመልሚሎም፣ መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ኮምፒዩተር ኽኣቱ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ተላኢኹ፣ 100 ላፕቶፕ ኮምፒዩተር ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽመፅእ ኣብ ከይዲ ኣሎ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተጀመረ ስራሕቲ ምነፃፍ ፅሩብ እምኒ መንገዲ ኣብ መቐለ ብግፍሓት እናተሰርሐ ከምዝኾነን ናብ ካልኦት ከተማታት ንምግፋሕ መደብ ከምዘሎን ኣብ ዝሓለፈ ምግላፅና ይዝከር።